<u>**ዜና 2 ጥቅምቲ 2007**</u>

## <u>ኤርትራ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኢትዮጵያ ንውሳኔ ምሕንጻጽ ዶብ ክትቅበሎ ከገድዳ ትጽውዕ</u>

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝሕተም መርበብ ሓበሬታ መይል ጋርዲያን ኤርትራ ናብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደደቶ ደብዳበ ኢትዮጵያ ንምሕንጻጽ ዶብ ብቕልጡፍ ክትሰማማዕ ከገድዳ ጸዊዓ። እዚ ኢትዮጵያ ውግእ ንምጅማር ትቀራረብ ኣላ ብዝብል ፍርሒ'ዩ ይብል።

ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስ ንምጥሓስ ዘይሕጋዊ ፈተነታት ብምግባር ከም ብሓድሽ ኲናት ንምጅማር ዘርኢ ጠባይ'ዩ ክትብል ኤርትራ ኣብቲ ዝሰደደቶ ደብዳበ ገሊጻ'ላ ይብል እቲ ዜና።

ብዘይካ'ዚ ኤርትራ ንባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደደቶ ምሕጽንታ፡እቲ ውድብ ሕጋዊ፡ሞራላዊን ጸጥታዊ ሓላፍነት ስለዘለዎ ንውሳኔ ኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክትግበር ክጸቕጠሉ ጸዊዓ'ላ ኾብል እቲ መርበብ ይሕብር።

## <u>ቁጠባ ኤርትራ እንዳንቀልቀለ ይኸይድ</u>

ቁጠባ ኤርትራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ የንቀልቁል ኸምዘሎ ቻትሃም ሃውስ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ይሕብር።

ናይ ውሽጢ ጸቕጥን፡ እታ ሃገር ካብ ዞባውን ዓለምለኻውን ዝምድናታት ምፍላይ ንህዝቢ ናይታ ሃገር ኣብ ናብ ቁጠባ ሽግር የእትዩዎ ይርከብ ይብል እቲ መርበብ።ብዘይካዚ 350፣000 ዝኾኑ መንእሰያት ናይታ ሃገር ተዓስኪሮም ብምህላዎም ኣብታ ናይታ ሃገር ናይ ቁጠባ ምዕባለ ኸየበርክቱ ዓንቂጽዎም ኣሎ ይብል እቲ ዜና፡፡

ናይታ ሃገር ናይ ንግዲ ኣታዊ 700 ሚልዮን ክኸውን እንከሎ ሰደዳ ግና 20 ሚልዮን ብምኻኑ እታ ሃገር ኣብ ገፊሕ ናይ ንግዲ ክሳራ ትርከብ ከምዘላን ብፍላይ ኤርትራ ምስ ጎረቤታ ሃገር ኢትዮጵያ ዝነበራ ናይ ንግዲ ልውውጥ ጠጠው ብምባሉ ሃስዩዋ ኣሎ ይብል እቲ መርበብ።